
WERKZAAK RIVIERENLAND

de zaak met hart voor werk



# መወከሲ ዓንቀጽ ተሳትፎ መሰላትን ግቡኣትን

Rechten en Plichten

## ግዝያዊ ድጋፍ

ነፍሲወከፍ ኣብ ነዘርላንድስ ዝነብር ሰሪሑ ርእሱ ይኽእል፡፡ ስራሕ ኣይረኸብካን ወይ ካልእ ርእስኻ እትኣልየሉ የብልካን፤ ዌርክዛክ (Werkzaak) ስራሕ ኣብ ምድላይ ክሕዘካ እዩ፡፡



ብተወሳኺ ድማ ግዝያዊ ድጋፍ ክግበረልካ ይኽእል፡፡ እቲ ዕላማ ኸኣ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ስራሕ ረኺብካ ካብቲ ድጋፍ ምግልጋል እዩ፡፡

እቲ ዝግበረልካ ድጋፍ ንእዋናዊ መነባበሪኻ ዝሸፍን እዩ፡፡ እዚ ኸኣ ንኣድላዪ ወጻኢታት ናብራ፡ ንኣብነት፡

- መግቢ
- ክራይ ገዛን ወጻኢታት ገዛን
- ጥዕናዊ ውሕስነት ሓለፋ(ፕሪምየም)
- ክዳውንትን ሳእንን

## መጠን ድጋፍ

መጠን ናይቲ ድጋፍ ከከም ዕድሜኻን ግላዊ ኩነታትካን ይፈላለ፡፡

- በይንኻ ዶ ምስ መጻምድቲ ትነብር፤
- ካልእ ሰብ ምሳኻ ይነብርዶ፤
- ቆልዑ ኣለዉኻዶ፤
- ካብ ምስኻ ዝነብሩ ኣባላት ስድራኻ እቶት ዘለዎ ኣሎዶ፤

እዚ ኹሉ ነገራት ኣብ ግምት ብምእታው እቲ ዝግበረልካ ድጋፍ ይስላዕ፡፡ እዚ ብቕኑዕ ንምግባር ከኣ ዌርክዛክ (Werkzaak) ካባኻ እኹል ሓበሬታ የድልዮ፡፡

ድጋፍ ንኽግበረልካ ዘሎካ ርእሰ-ማል ካብ ሓደ ዝተወሰነ ዓቐን ክሓልፍ የብሉን፡፡ ርእሰ-ማልካ ክበሃል እንከሎ ከኣ ንስኻን ኣባላት ስድራኻን ዘዋህለልኩሞ ገንዘብ፡ ከም መኪና፡ ስልማትን ኣብ ወጻኢ ሃገር ዘሎካ ገዛን ዝኣመሰለ ክቡር ነገራትን ዘጠቓልል እዩ፡፡ ንበይንኻ ትነብር ምስ ትኸውን ርእሰ-ማልካ ካብ €6000 ክሓልፍ የብሉን፡፡ በዓል ሓዳር፡ ምስ መጻምድትኻ እትነብር ወይ ከኣ ንበይንኻ ቆልዑ እተዕቢ ወላዲ ምስ እትኸውን ድማ ርእሰ-ማልካ ማልካ ካብ 12000€ ክሓልፍ የብሉን፡፡

ዌርክዛክ (Werkzaak) ከኣ ነቲ ንስኻ ዘቕረብካዮ ሓበሬታ ዝሓቖፈ ፋይል ይኸፍተልካ፡፡ ዌርክዛክ (Werkzaak) ብሕጊ ተቐይዱ ነቲ ዝሃብካዮ ሓበሬታ ብጥንቃቐን

ብስቱርን ይሕዞ፡፡ ድጋፍ ክግበረልካ ምስ ዝግኣካ ኸኣ ብደብዳቤ ክንገረካ እዩ፡፡

ኣብ ገለ እዋን ፍሉይ ወጻኢታት ምግባር የድልየካ እዩ፡፡ እዚ ካብቲ ንቡር ዝበዝሕ ወጻኢ ዝሓትት ማለት እዩ፡፡ ንኣብነት፡ ሓጻቢት ማሽን፡ ፍሪጅ ምስ ዝበላሸወካ ወይ ኣብ ጥዕናዊ ውሕስነትካ ዘይተማልአ ሕክምናዎ ወጻኢታት ክኸውን ይኽእል፡፡ እዞም ወጻኢታት ኣድለይትን ግድነትን ኮይኖም ብኻልእ መንገዲ ከተምልሶም ኣይትኽእልንዶ፤ እምበኣርከስ ፍሉይ ድጋፍ ሕተት፡፡ እዚ ፍሉይ ድጋፍ ከኣ ካብ ምምሕዳር ከባቢኻ እምበር ካብ ዌርክዛክ (Werkzaak) ኣይኮነን፡፡

## መሰላትን ግቡኣትን

እቲ ድጋፍ ምስ ዝፍቀደልካ ዝተፈላለዩ መሰላትን ግቡኣትን ኣለዉኻ፡፡ ነዞም መሰላትን ግቡኣትካ ኣጸቢቕካ ምፍላጦም ኣገዳሲ እዩ፡፡ መጻምድቲ ምስ እትህልወካ ድማ ይምልከታ እዩ፡፡

## መሰላት

እቲ ድጋፍ ምስ ዝፍቀደልካ፡ ግዚኡ ዝሓለወ ክፍሊት ክወሃበካ እዩ፡፡ እዚ ክፍሊት ቅድሚ ዕለት 10 ናይ ነፍሲወከፍ ወርሒ ዝወሃበካ እዩ፡፡ ብተወሳኺ ድማ ካብ ዌርክዛክ ዝስዕብ ትጽበይ፡፡ (Werkzaak)፡

### *ሓገዝ ምንዳይ ስራሕ*

እቲ ካብ ዌርክዛክ (Werkzaak) ዝምደበልካ ኣላዪ ስራሕ ምሳኻ ብምኧን መደብ ይሕንጽጽ፡፡ እቲ መደብ ከኣ ስራሕ ንምርካብ ክትወስዶ ዝግብኣካ ስጉምታትን ነዚ ንምግባር ንስኻ እትገብሮ ስምምዓትን የጠቓልል፡፡ እቲ ዝተመደበልካ ኣላዩ ስራሕ ነቲ ንስኻ ንምውህሃድ (integration) እትገብሮ ንጥፈታት ኣብ ግምት ከእትዎ እዩ፡፡ ክፍሊት ዘለዎ ስራሕ ክርክብ ክሳዕ ዘይተኻእለ ከኣ ተኽእሎታት ስልጠና፡ ወለንታዊ ስራሕን ናይ ተሓጋጋዚ(ኢንተርንሺፕ) ቋንቋ ከም ኣማራጺ ይውሰድ፡፡

### *ሓበሬታ ብዛዕባ እቲ ድጋፍን መልሲ ንሕቶታትካን*

ዌርክዛ (Werkzaak) ብዛዕባ እቲ ዝተገብረልካ ድጋፍ፡ ብዛዕባ መሰላትካን ግቡኣትካን ሓበሬታ ይህበካ፡፡ ብዛዕባ እቲ ድጋፍ ዝምልከት ሕቶታት ምስ ዝህልወካ ንኣማኻሪ ኣታዊታት (income consultant) ክትውከስ ትኽእል፡፡ ኣብ ሰዓታት ቴሌፎን ክትድውል ከኣ ትኽእል፡፡ እዚ ኣብ መዓልታት

ስራሕ ኮይኑ ካብ ሰዓት 9.00 ክሳዕ 10:30 ንግሆ እዩ፡፡ ቁጽሪ ቴሌፎን ድማ 088-9375 000 እዩ፡፡

*ኣርባዕተ ሳምንታት ዕረፍቲ(በዓል)*

ነፍሲወከፍ ዓመት (1ጥሪ ክሳዕ 31 ታሕሳስ) ካብ 28 መዓልታት ዘይሓልፍ ድጋፍካ ተሓሲቡልካ ከተዕርፍ ትኽእል ኢኻ፡፡ ኣርባዕተ ሳምንታት ቅድሚ ምኻድካ ነቲ ዝተመደበልካ ኣላዪ ሓብር፡፡ እቲ ዕረፍትኻ ብሓንሳእ ወይ ፈላሊኻ (በብኽልተ ሳምንታት ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ) ክትጥቀመሉ መሰልካ እዩ፡፡ ዘይተጠቐምካሉ መዓልታት ዕረፍትኻ ናብቲ ዝቕጽል ዓመታት ይሰጋገረልካ እዩ፡፡ ናይ ክልተ ዓመታት መዓልታት ዕረፍቲ ብሓደ ክትጥቀመሉ ግና ኣይፍቀደልካን እዩ፡፡ ንኣብነት ካብ መጀመርያ ታሕሳስ ክሳዕ መወዳእታ ጥሪ ከተዕርፍ ኣይፍቀድን፡፡ ካብ ኣርባዕተ ሳምንታት ንላዕሊ ዕረፍቲ ምስ እተወስድ ግና ዌርከዛክ (Werkzaak) ነቲ ዝተገብረልካ ድጋፍ ከቋርጾ ይኽእል እዩ፡፡



## ግቡኣትካ

ካብታ ንድጋፍ ዝሓተትካላ ጀሚርካ ከተማልኦም ዝግብኣካ ግቡኣት ኣለዉ፡፡ ንኣብነት፡ ምሉእ ሓበሬታ ምሃብን ኣብቲ ሕቶ ዝቐርበሉ ግዜ ምትሕብባርን ይግብኣካ፡፡ እዚ ምስ ዘይተማልእ ግና ድጋፍ ከም ዝግብኣካ ክንጸር ስለ ዘይክእል እቲ ሕቶኻ ይንጸግ፡፡ ነቲ ሕቶ እተቕርበሉ ከምኡ ድማ ንዌርከዛክ ( Werkzaak) ርእሰኻ ብግቡእ ኣላሊ፡፡ እዚ ንኣባላት ስድራኻ ድማ ይምልከቶም እዩ፡፡ ብተወሳኺ እዞም ዝስዕቡ ግቡኣት ከተማልእ ኢኻ፡

*ግቡእ ምውህሃድ ወይ ምምስሳል*

ስራሕ ክትደልን ስራሕ ክትረክብን ምሉእ ጻዕሪ ክትገብር ይግባኣካ፡፡ እቲ ስራሕ ምስ ትምህርትኻን ተመክሮ ስራሕካን ጥራይ ዝኸይድ ክኸውን የብሉን፡፡ ንኹሉ ቅቡል ስራሕ ድሉው ክትከውን ኣሎካ፡፡ ሓንሳእ ስራሕ ምስ ረኺብካ ድማ ስራሕካ ትጅምር፡፡

ኣብ ባይታ ወይ መዳይ ስራሕ ድማ እዞም ዝስዕቡ ግቡኣት ኣለዉኻ፡

- ስራሕ ንምርካብ ዘድሊ ምሉእ ሓበሬታ ምቕራብ፡
- ምስቲ ዝተመደበልካ ኣላዪ ስራሕን ኣብ መደብካን ዝገበርካዮ ስምምዓት ኣማልእ፡
- ኣብ ስልጠናን ትምህርትን ምሉእ ምትሕብባር ግበር፡
- ኣብ መጽናዕቲ ዓቕሚ ስራሕካ ተሓባበር፡፡ እዚ መጽናዕቲ ነቲ ናብ ስራሕ ክትምለስ ዘሎካ ዓቕሚ ንምምርማር ዝካየድ መጽናዕቲ እዩ፡፡
- ኣብ ስራሕ ንዘተኮረ ኩሉ መደባት ተሓባበር፡፡ እዚ ነቲ ክፍሊት ዘይብሉ ወለንታዊ ስራሕ፡ ልምምዳዊ ስራሕን ዘጠቓልል እዩ፡፡
- ዌርከዛክ (Werkzaak) ንዘቕረበልካ መሳለጥያታት ኣብ መዓላ ኣውዕሎ፡፡
- ብቐጻሊ ናብ ስራሕ ኣመልክት፡፡ ስራሕ ምስ ረኺብካ ድማ ቀጥ ኢልካ ስራሕ፡፡

ኣብ ፍሉይ ኩነታት ግና ብምኽንያት ጥዕና ወይ ውልቃዊ ጉዳያት ነዚ ናይ ምውህሃድ ወይ ምምስሳል ግቡኣት ከተማልኦ ኣይትግደድን ኢኻ፡፡ ከምዚ ምስ ዝኸውን ብደብዳበ ክንገረካ እዩ፡፡
ግቡእካ ዘይትዋጻእ እንተኮይንኻ ግን ካብቲ ዝወሃበካ ድጋፍ ይቑረጸካ፡፡

*ግዴታ ንሓበሬታ*

እቲ ዝግበረልካ መጠን ድጋፍ ኣብ ግላዊ ኩነታትካ ዝምርኮስ እዩ፡፡ ኣብ ግላዊ ኩነታትካ ለውጢ ምስ ዝህሉ ብቕልጡፍ ንዌርከዛክ ( Werkzaak) ሓብር፡፡ እዚ ንምርካብ ስራሕ፡ ኣታዊ ምርካብ፡ መጻምድቲ ምርካብ ወይ ድማ ውርሻ፡ ሽልማትን ውህበትን ምስ እተረክብ ዝምልከት እዩ፡፡ ብተወሳኺ ሓደ ሰብ ምሳኻ ክነብር ምስ ዝጅንበረካ፡ ምሳኻ ዝነብሩ ህጻናት ትምህርቲ ምስ ዝጅምሩ ወይ ምስ ዘቋርጹ፡ ቆልዓ ምውላድ ወይ መርዓ ምስ ዝግበር፡ መኪና ምስ እትዕድግ፡ ቁጽሪ ሕሳብ ባንክ ምስ እትቕይርን ዕረፍቲ ምስ እተወስድን ንዌርከዛክ ( Werkzaak) ክትሕብር ትግደድ፡፡ እዚ በቲ ናይ ለውጢ ቅጺ (ቼንጅ ፎርም) ኣቢልካ ይሕበር፡፡ እዚ ቅጺ ወይ ፎረም ካብቲ ዝተመደበልካ ኣላዪ ስራሕ ክትረኽቦ ትኽእል፡፡

ስራሕ ተቖጺርካ ኣታዊ ምርካብ ምስ እትጅምር፡ ነቲ ዝተመደበልካ ኣላዪ ስራሕ ሓብር፡፡ ሓደ መዓልቲ ጥራይ ወይ ውሑድ ሰዓታት ኣብ ሰሙን ምስ ዝኸውን ከይተረፈ ሓብር፡፡ ሓንቲ ንወርሓዊ ኣታዊታት ዝምልከት ቅጺ ወይ ፎርም ምስ ተዋህበካ መሊእካ ናብ ዌርከዛክ ( Werkzaak) ኣረክብ፡፡ እቲ ኣብ ወርሒ ዝረኸብካዮ ኣታዊ ድማ ካብቲ ዝተመደበልካ ናይታ ወርሒ ድጋፍ ክቑረጸካ እዩ፡፡

ዘጋጥመካ ለውጥታት ነቲ ዝውሃበካ ድጋፍ ክጸልዎ ይኽእል እዩ፡፡ እቲ ለውጢ ዘይምሕባር ግና ከም ጥሕሰት እዩ ዝቑጸር፡፡ ነቲ መምርሒ ምስ እትጥሕስ ከኣ እቲ ብላዕሊ ዝረኸብካዮ ተመላሲ ጌርካ እቲ ዝወሃበካ ድጋፍ ንግዚኡ ወይ ንቐጻሊ ክቋረጽ ይግበር፡፡ ብተወሳኺ፡ ማዕረ እቲ ብላዕሊ ዝረኸብካዮ ገንዘብ ክትቕጻዕ ትኽእል፡፡ ስለዚ ዘጋጥመካ ለውጢ ኩሉ ብቕልጡፍ ምሕባር ይግብኣካ፡፡ ጥርጥር ምስ ዝህልወካ ክትውከሰና ትኽእል፡፡ እዚ ጸገማት ኣብ ምውጋድ ሓጋዚ እዩ፡፡

ንኣብነት፡ ሃና ተጠቃሚት ድጋፍ እያ፡፡ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ቆልዓ ጎረቤት ብምእላዩ ገለ ቁሩብ ገንዘብ ኣታዊ ረኺባ፡፡ ብጠቕላላ 500€ ኣእታያ፡፡ ንዌርክዛክ ግና ኣይሓበረትን፡፡ ሃና ብፍላጥ መምርሒ ጥሒሳ ኣላ፡፡ እቲ ብላዕሊ ዝረኸበቶ € 500 ክትመልሶ ኣለዋ፡፡ ብተወሳኺ፡ 500€ ከም መቕጻዕቲ ክተከፍል እያ፡፡ ብጠቕላላ €1.000 ተመላሲ ከፊላ ኣላ፡፡

## መርመራ ሽፈጥ

ኩሉ እትህቦ ሓበሬታ ክጻረ እዩ፡፡ ዌርክዛክ (Werkzaak) ምስ ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ሓበሬታ ምትእስሳር ኣለዎ፡፡ እዚ ቤት ጽሕፈት ምስ ብዙሓት ከም ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ UWV፡ በዓል መዚ ትምህርቲ (DUO) ምምሕዳር ኣታዊታትን ቀረጽን ሓበሬታ ይለዋወጥ እዩ፡፡ ተወሳኺ ኣታዊ ረኺብካ ከይትኸውን ወይ ኣብ ሓደ ትካል ትምህርቲ ትመሃር ከይትህሉ ብቐሊሉ ክጻረ ይኽእል እዩ፡፡ ገለ ፍልልይ ወይ ምዝባዕ ሓበሬታ ምስ ዝርከብ ዌርክዛክ (Werkzaak) ሓበሬታ ክበጽሖ እዩ፡፡

ዌርክዛክ (Werkzaak) ኣብ እትነብረሉ ገዛ ብምብጻሕ ምጽራይ ክገብር ይኽእል፡፡ ኣባላት ዌርክዛክ (Werkzaak) ኣብ ገዛኻ ምስ ዝመጹ ርእሶም ከፋልጡኻ እዮም፡፡ ገዛኻ ቅድሚ ምእታዎም ድማ ፍቓድካ ክሓቱ እዮም፡፡ ምኽንያትን ዕላማን ምብጻሖምን ከምኡ ድማ ገዛኻ ክኣትዉ ምስ ዘይትፈቅድ ንዝህልዎ ሳዕቤንን ክነግሩኻ እዮም፡፡ እዚ ድማ ክትውስን ክሕግዘካ እዩ፡፡

ብተወሳኺ ዌርክዛክ (Werkzaak) ካብ ዜጋታት፡ ካብ በዓል መዝታትን ኣብ ዝሃብካዮ ሓበሬታ ንዘሎ ምዝባዓትን ቅልጡፍን ግቡእን ምጽራይን ምላሽን ክህበሉ እዩ፡፡ እቲ ዝስዕብ ምርመራ ብጥንቃቐን ብምስጢር ከም ዝግበር ግን ቅሰን፡፡

## ተቓውሞን ጥርዓንን

ዌርዛን ንድጋፍካ ዝምልከት ውሳኔ ምስ ዘሕልፍ ብጽሑፍ ክወሃበካ እዩ፡፡ እቲ ዝወሃበካ ደብዳቤ ውሳኔ ይበሃል፡፡ እቲ ውሳነ ምስ ዘይትቕበሎ ብጽሑፍ ከተቕርብ ትኽእል፡፡ ነዚ ንምግባር ሽዱሽተ ሳምንታት ኣሎካ፡፡ ንኣቀራርባ ጥርዓን ወይ ተቓውሞ ዝምልከት መምርሒ ኣብቲ ዝወሃበካ ደብዳቤ ውሳነ ተጠቓሊሉ ኣሎ፡፡ ብዌርክዛክ (Werkzaak) ንዝግበረልካ ድጋፍ ወይ ኣብ ሰራሕተኛ ዌርክዛክ (Werkzaak) ነቐፌታ ምስ ዝህልወካ ጥርዓን ከተቕርብ ትኽእል፡፡ ነቐፌታኻ ምስ ሰራሕተኛ ዌርክዛክ ( Werkzaak) ብምልዛብ ምፍታሕ ተመራጺ እዩ፡፡ ወግዓዊ ጥርዓን ከተቕርብ ምስ እትውስን ግና ናብ info@werkzaakrivierenland.nl ክትጽሕፍ ትኽእል ኢኻ፡፡ እቲ ኢ-መይል ብቛንቋ ዳች ኮይኑ፡ ስምካ፡ ኣድራሻኻን ዕለትን ዘማልአን ነቲ ፍጻመን ቦታን ፍጻመን ዝገልጽን ክኸውን ኣለዎ፡፡

**Contact**
Werkzaak Rivierenland
Postbus 321 - 4190 CH Geldermalsen
T: 088 - 9375 000
E: info@werkzaakrivierenland.nl
W: www.werkzaakrivierenland.nl